**መግለጺ ናይ ሓበሬታ ክታበት**

# DTaP (ዲፍተርያ፡ ተታኑስ፡ ፐርቱሲስ) ክታበት፥ እንታይ ክትፈልጥ የድልየካ

Many Vaccine Information Statements are available in Spanish and other languages. See www.immunize.org/vis

Hojas de información sobre vacunas están disponibles en español y en muchos otros idiomas. Visite www.immunize.org/vis

## 1 ስለምንታይ ምኽታብ የድሊ፧

**ናይ DTaP ክታበት** ንቆልዓኻ ካብ **ዲፍተርያ፡ ተታኑስ፡** ከምኡ'ውን **ፐርተሱስ** ንምክልኻል ክሕግዝ ይኽእል።

- **ዲፍተርያ** (D) ናይ ምስትንፋስ ጸገማት፡ መልመስቲ፡ ከምኡ ድማ ድኻም ልቢ ከስዕብ ይኽእል። ቅድሚ ምምጻእ ክታበታት፡ ዲፍተርያ ዓሰርተታት ኣሽሓት ቆልዑ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ይቐትል ነይሩ።
- **ተታኑስ** (T) ዘቕንዙ ምጭባጥ ናይ ጭዋዳታት። ንሱ "ምዕጻው" ናይ ምንጋጋ ብምስዓብ ኣፍካ ከምዘይትኸፍት ወይ ከምዘይትውሕጥ ክገብረካ ይኽእል። ዳርጋ 1 ካብ 5 ተታኑስ ዝሕዞም ሰባት ይመውቱ።
- **ፐርቱሲስ (aP)**, ትኽትኽታ እውን ተባሂሉ ዝፍለጥ፡ ኣመና ሕማቕ ናይ ምስዓል እዋናት ስለዘስዕብ ዕሸላትን ቆልዑን ክበልዑ፡ ክሰትዩ፡ ወይ ከተንፍሱ ይኸብዶም። ንሱ ኒሞንያ (ነድሪ ሳንቡእ)፡ ወቕዕታት፡ መጉዳእቲ ሓንጎል፡ ወይ ሞት ከስዕብ ይኽእል።

መብዛሕትኦም ናይ DTaP ክታበት ዝወሰዱ ቆልዑ ኣብ ምሉእ ናይ ቁልዕነት ግዚኦም ክሕለዉ እዮም። እንተድኣ ምኽታብ ኣቋሪጽና ብዙሓት ተወሰኽቲ ቆልዑ እዞም ሕማማት እዚኦም ክሓሙ እዮም።

## 2 DTaP ክታበት

ቆልዑ መብዛሕትኡ ግዜ 5 ዶዛት ናይ DTaP ክታበት ክረኽቡ ኣለዎም፡ ሓደ ዶዝ ኣብ ነፍስ ወከፍ እዞም ዝስዕቡ ዕድመታት፥
- 2 ኣዋርሕ
- 4 ኣዋርሕ
- 6 ኣዋርሕ
- 15–18 ኣዋርሕ
- 4–6 ዓመታት

DTaP ከም ካልእ ክታበታት ኣብ ሓደ እዋን ክውሃብ ይኽእል እዩ። ከምኡ'ውን፡ ሓድሓደ ግዜ ሓደ ቖልዓ DTaP ምስ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ካልእ ክታበታት ብሓባር ብንጽል መርፍእ ክወስድ ይኽእል።

## 3 ገሊኦም ቆልዑ ናይ DTaP ክታበት ክረኽቡ የብሎምን ወይ ክጽበዩ ኣለዎም።

DTaP ትሕቲ 7 ዓመታት ንዝዕድሚኦም ቆልዑ ጥራይ እዩ። DTaP ክታበት ንኹሉ ሰብ ዝኸውን ኣይኮን—ንእሽቶ ቁጽሪ ናይ ቆልዑ ሓደ ዲፍተርያን ተታኑስን ጥራይ ዝሓዘ ዝተፈልየ ክታበት ኣብ ክንዲ DTaP ክወስዱ ኣለዎም።

ቆልዓኻ እዞም ዝስዕቡ እንተነይረሞ ንሓኪምካ ንገር፥

- እንተድኣ **ድሕሪ ኣቐዲሙ ዝነበረ ዶዘ ናይ DTaP ይ ዘይምቅብባል ግብረመልሲ ኣርእዩ፡** ወይ ዝኾኑ **ከበድቲ፡ ንህይወት ዝፈታተኑ ዘይምቅብባላት ኣለውዎ ኾይኖም።**
- እንተድኣ **ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ድሕሪ ምውሳድ ዶዝ ናይ DTaP ኮማ (ውነ-ኣልቦነት) ወይ ነዋሕቲ ዝደጋገሙ ወቕዕታት ነይሮሞ ኾይኖም።**
- እንተድኣ **ወቕዕታት ወይ ካልእ ጸገማት ስርዓተ መትኒ ኣለውዎ ኾይኖም።**
- እንተድኣ Guillain-Barré Syndrome (GBS) ዝብሃል ጸገም ነይርዎ ኾይኑ።
- እንተድኣ **ኣቐዲሙ ድሕሪ ዝተወስደ ዶዝ** ናይ ክታበት DTaP ወይ DT **ከቢድ ቃንዛ ወይ ሕበጥ** ነይርዎ እንተኾይኑ።

ኣብ ገለ ጉዳያት፡ ሓኪምካ ንናይ ቆልዓኻ ክታበት DTaP ናብ መጻኢ ከናውሖ ይኽእል እዩ።

ንኣሽቱ ሕማማት ዘለውዎም ቆልዑ፡ ንኣብነት ጉንፋዕ፡ ክኽተቡ ይኽእሉ እዮም። ማእከላይ ወይ ከቢድ ሕማም ዘለዎም ቆልዑ መብዛሕትኡ ግዜ ክሳብ ዝሓውዩ ክጽበዩ ኣለዎም ቅድሚ ክታበት DTaP ምውሳዶም።

ሓኪምካ ተወሳኺ ሓበሬታ ክህበካ ይኽእል እዩ።



U.S. Department of Health and Human Services
Centers for Disease Control and Prevention

## 4 ስግኣተ-ሓደጋታት ናይ ክታበት

- ምቕያሕ፡ ቁስለት፡ ሕበጥ፡ ከምኡ'ውን ምልምላም ስጋ ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ድሕሪ DTaP ልሙዳት እዮም።
- ረስኒ፡ ምኒን ምባል፡ ድኻም፡ ሸውሃት ምዕጻው፡ ከምኡ'ውን ተምላስ ሓድሓደ ግዜ 1 ክሳብ 3 መዓልታት ድሕሪ ክታበት DTaP የጋጥሙ።
- ዝያዳ ከበድቲ ግብረመልስታት፡ ከም ወቕዕታት፡ ዘየቋርጽ ብኽያት ን 3 ሰዓት ወይ ልዕሊኡ፡ ወይ ልዑል ረስኒ (ልዕሊ 105°ፋራንሃይት) ድሕሪ ክታበት DTaP ኣዝዩ ብዝውሓደ የጋጥሙ። ሳሕቲ፡ እቲ ክታበት ሕበጥ ናይ ምሉእ ቅልጽም ወይ እግሪ የስዕብ፡ ብፍላይ ኣብ ዕብይ ዝበሉ ቖልዑ ራብዓይ ወይ ሓሙሻይ ዶዘም ኣብ ዝቕበልሉ እዋን።
- ናይ ነዊሕ-እዋን ወቕዕታት፡ ኮማ (ውነ-ኣልቦነት)፡ ዝተሓተ ንቑሕነት፡ ወይ ቀዋሚ መጉዳእቲ ሓንጎል ኣዝዩ ሳሕቲ ድሕሪ ክታበት DTaP የጋጥሙ።

ከም ኣብ ዝኾነ መድሃኒት፡ ኣዝዩ ርሑቕ ተኽእሎ ናይ ሓደ ክታበት ከቢድ ናይ ዘይምቅብባል ግብረመልሲ፡ ካልእ ከቢድ መጉዳእቲ፡ ወይ ሞት ከስዕብ ኣሎ።

## 5 ከቢድ ጸገም እንተልዩ'ኸ፧

ሓደ ናይ ዘይምቅብባል ግብረመልሲ እቲ ቖልዓ ካብቲ ክሊኒክ ድሕሪ ምውጽኡ ከጋጥም ይኽእል። እንተድኣ ምልክታት ናይ ከቢድ ናይ ዘይምቅብባል ግብረመልሲ ርኢኻ (ስሓ ቖርበት፡ ሕበጥ ናይ ገጽን ጎረሮን፡ ጸገም ምስትንፋስ፡ ቅልጡፍ ህርመት ልቢ፡ መንጸሮር፡ ወይ ድኻም)፡ ናብ 9-1-1 ደውል ከምኡ ድማ ነቲ ቖልዓ ናብ ዝቐረበ ሆስፒታል ውሰዶ።

ንካልእ ዘሰክፉኻ ምልክታት፡ ንናይ ቆልዓካ ሓኪም ጸውዓዮ።

ከበድቲ ግብረመልስታት ናብቲ Vaccine Adverse Event Reporting System (ስርዓተ ምሕባር ናይ ሕማቕ እዋን ክታበት, VAERS) ክሕበሩ ኣለዎም። ዶክተርካ መብዛሕትኡ ግዜ ነዚ ፋይል'ዚ ከእትዎ እዩ፡ ወይ ባዕልኻ ክትገብሮ ትኽእል። ናብዚ ብጻሕ **www.vaers.hhs.gov** ወይ ናብዚ ደውል **1-800-822-7967**። *VAERS* ንምሕባር ግብረመልስታት ጥራይ እዩ፡ ንሱ ሕክምናዊ ምኽሪ ኣይህብን እዩ።

## 6 እቲ ሃገራዊ ፕሮግራም ካሕሳ ናይ ጉድኣት ክታበት

እቲ ሃገራዊ ፕሮግራም ካሕሳ ናይ ጉድኣት ክታበት (VICP) ፈደራላዊ ፕሮግራም ኮይኑ ብውሑናት ክታበታት መጉዳእቲ በጺሕዎም ክኾኑ ንዝኽእሉ ሰባት ንምኽሓስ ዝቖመ እዩ። ኣብዚ ብጻሕ **www.hrsa.gov/vaccinecompensation** ወይ ናብዚ ደውል **1-800-338-2382** ምእንቲ ብዛዕባ'ቲ ፕሮግራምን ብዛዕባ ጥርዓን ምእታውን ክትፈልጥ። ናይ ካሕሳ ጥርዓን ንምእታው ናይ ግዜ ገደብ ኣሎ።

## 7 ተወሳኺ ብኸመይ ክፈልጥ ይክእል፧

- ንሓኪምካ ሕተት።
- ናብ ናይ ከባቢኻ ወይ ክፍለሃገርካ ክፍሊ ጥዕና ደውል።
- ምስቶም ማእከላት ንምቁጽጻር ሕማምን ምግታእን (CDC) ርክብ ግበር፥
  - ናብዚ ደውል **1-800-232-4636** (**1-800-CDC-INFO**) ወይ
  - ናብዚ ብጻሕ **www.cdc.gov/vaccines**

Vaccine Information Statement (Interim)
DTaP (Diphtheria, Tetanus, Pertussis) Vaccine Tigrinya
Office use only
08/24/2018 | 42 U.S.C. § 300aa-26

Translation provided by the Minnesota Department of Health